Women's Health Matters

ሓፈሻዊ መረዳእታ፡ መጋቢት/MARCH 2003
ብናይ ኣንስትዮ ሓኪም ምርኣይ እደልይ

# ብናይ ኣንስትዮ ሓኪም ምርኣይ እደልይ

ኣብ ሮያል ናይ ደቂ ኣንስትዮ ኣስቤዳለ ሓደ ሓደ ደቂ ኣንስትዮ ብዛዕባ ምውላድ፧ ናይ ግብረስጋ ጥዕና ጉዳይ ከዛረባ ወይድማ ብዛዕባ ናይ ርሕሚ ደቂኣንስቶ መርመራ ክገብራ እንከሎ ምስ ኣነስታይ ሓኪም ምኳን ይመርፃ እየን። ሓደ ሓደ ግዘ ብናይ ደቂ ኣነስትዮ ሓኪም ከትርኣያ እንከሎ ግናስ ካልእ ግዘ ኣይካኣልን እዩ።

ነዚ መረዳእታ ወረቐት ከነዳልው እንከሎ ንምንታይ ኩልግዘ ብናይ ደቂ ኣንስቶ ሓኪም ከትርኣያ ከምዘይካኣል ንምግላፅ እዩ።

ናትና ናይ ሕክምና ጉጅለ ዝተዳለወ ብዝተኻኣለ መጠን ናብ ኣስቤዳለ ዝመፃ ደቂ ኣንስትዮ ፅቡቅ ምክንኻን ክረኽባ ከምዝኽእላ ተጌሩ እዩ። ናይ ሕክምና ሰራሕተኛ ኩሎም ከምክእለቶምን ከምልምዶም በብተራ ክሰርሑ ተጌሩ እዩ።

ኣብ ስራሕ ዝርከብ ሓኪም ዝተፈላለየ ናይ ስራሕ ተግባር ክነብሮም እንከሎ ንሕሙማት ብዝሕ ዝበለ ምክንኻን ይገብሩ እዮም። ሓኪማት ካብ ዝርዝር ኣስማት ንስራሕ ክሳብ ዝጽውኡ ናቶም ዘበሉ ሕሙማት ክሳብ ነዊሕ ግዘ ክፅበያ ከምዘይብለን እዩ ወይድማ እቲ ሕማም ኣብ ሕማቅ ደረጃ ከበፅሐ ይኽእል እዩ። ሓኪማት ኣብ ስራሕ ዝውእሉሉ ሹም ዝርዝር መሰረት ተግባራዊ እንተኾይኑ እቶም ሕሙማት ፅቡቅ ምክንኻን ከምዝረኽባ እየን። እዚ ማለት ኩልግዘ ብጀካ ኣብ ዝርዝር ተራ ዘሎ ሓኪም ምክንኻን ንስኻትክን ትደልዮ ሓኪም ክርእየኽን ከምዘይኽእል እዩ።

ኩሉ ሓኪማት ደቂ ኣንስትዮን ተባእቶ እዮም ከምኡ'ውን ተማዛሮና ብክብሪን ናይ ብሕቲ መረዳእታ ብምሽጢር ከምዝሕዙ ስልጠና ወሲዶም እዮም። ከምኡ'ውን ኣብዚ እዋን ሓደ ሓደ ደቂ ኣንስትዮ ብዛዕባ ባህሊን ጾታን ዘለዎን ዘተሓሳስብ ጉዳያት ስልጠና ወሲዶም ከምዝተረድኦም እዩ። ኣወዳትን ደቂ ኣንስትዮ ዶክተራት ኩሎም ሓደ ዓይነት ስልጠና ስለዝረኽቡ ንአኻትክን ንምክብኻብ ማእሮ ዘለዎ ምድላው ከምዝገበሩ እዮም።

ኣብዘለና ሓላፊነት ውሽጢ ኣብ ሮያል ናይ ደቂ ኣንስትዮ ኣስቤዳለ ንቅድሚት ሓኪማት፧ መሕረሲትን ካልኦት ናይ ሕክምና ሰብ ሞያ ስልጠና ምሃብ እንከሎ ውላድክንን ቐፃላይ ትውልዲ ፅቡቅ ናይ ጥዕና ምክንኻን ይረኽቡ እዮም። ናይ ተባእቶን ደቂ ኣንስትዮ ሰራሕተኛን ተማሃሮን ክንክባከቡ እንተፈቂድክን ሓኪማት ሙሉእ ስልጠና ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም።

ኣብዚ ዝስዕብ ስፍራታት ብደቂ ኣንስትዮ ሓኪም ንምርኣይ ንዝቐርብ ሕቶ ብዙሕ ግዘ ክነማልእ ኣይንኽእልን፡

- ኣብ መዋለዲ ኣሬት ክፍሊ
- ኣብ ኦፕሬሽን ዝግበረሉ ክፍሊ
- ኣብ ድንገተኛ መሓከሚ ክፍሊ

THE ROYAL WOMEN'S HOSPITAL

Women's Health Matters

ሓፈሻዊ መረዳእታ፡ መጋቢት/MARCH 2003

**ብናይ ኣንስተዮ ሓኪም ምርኣይ እደልይ**

ኣብዚ ዝስዕብ ኩነታት ብደቂ ኣንስተዮ ሓኪም ንምርኣይ ንዝቐርብ ሕቶ ሓደ ሓደ ግዜ ከነማልእ ኣይንኽእልን፡

- ሰበይቲ ፍሉይ ምክንኻን ዘድልዮ ናይ ሕማም ፀገም እንተሃልይዋ። ምክንያቱ ሓደ ሓደ ሓኪማት ፍልይ ኣብዝበሉ መስከታት ብዙሕ ልምዲ ስለዘሎም እዩ። እዞም ሓኪማት ብዙሕ ግዜ ኣወዳት እዮም። ከምኡ'ውን ሓደ ሓኪም ጥራይ ንዝኾነ ሕክምና ከእለት ዘለዎ እሞ ንኣኽን ዘድልይ ክኸውን ይኽእል።
- ቀፀሮ ንምሃዝ ወይካዓ ህጹጽ ዝኾነ ናይ ምክንኻን ድሌት እንተሃልይክን ኣብዚ እዋን ዘሎ ተረኛ ሓኪም ተባእታይ ክኸውን ይኽእል።
- እቲ ሓኪም ንድንገተኛ እንተተፀዊሉ ወይካዓ ኣብ ናይ ሕማም ፍቓድ እንተኾይኑ።
- ምንም እንኳዕ ሓደ ሓደ ግዜ ናይ ደቂ ኣንስተዮ ሓኪም ሕቶኽን ተማላእና'ውን ንዝግበር ቀፀሮታት ኩሉ ደቂ ኣንስተዮ ሓኪም ክነቅርበልክን ከምንዘይኽእል ምፍላጥ ኣለኽን።

ብዛዕባ ተባዕታይ ወይካዓ ደቂ ኣንስተዮ ሓኪም ዝምልከት ፍሉይ ሓሳብ እንተሃልዩክን መሕረሲት ንምርኣይ ኲፀሮ ምሃዝ ትኽእላ።

ኣብዝግበረልክን ምክንኻን ፀገም እንተሃልዩክን ወይካዓ ነቅርቦ ምክንኻን፧ ንሰራሕተኛን ተማሃሮ ዝግበር ስልጠና ዝምሓሸሉ ሓሳብ እንተሃልዩክን በጃኽን ናይ ደንበኛ መማኸርቲ ሰራሕተኛ ምስ ሓዲኦም ተመያየጡሉ። ናይ ደንበኛ መማኸርቲ ብዘለክን ፀገም ሓገዝ ንምሃብ ኣብ ኣስቤዳለ ይርከቡ እዮም። ብስልኪ 8345 2290 ወይካዓ 8345 2000 ብምድ      ዋል ምስደንበኛ መማኸርቲ ንምዝራብ ምሕታት።

ከምኡ'ውን ናብ ቋንቋ ኣገልግሎት ብምድዋል ምስደንበኛ መማኸርቲ ንምዝራብ ሓገዝ ምሕታት። ብስልኪ 8345 3054 ምድ      ዋል።



THE ROYAL WOMEN'S HOSPITAL